ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓድዋ ከይዲ ስራሕ ዝተወደደ መሰረት ልምዓት ኣብ 2017 ዓም በጀት ዓመት ኣብ ከተማ ዓድዋ ናይ ትራፊክ መብራህቲ ከስርሕ ይደሊበዚ መሰረት ኣብ ናይ ትራፊክ መብራህቲ ክትሳተፉ እትደልዩ ብኤሌክትሮ መካኒካል ደረጃ 5 ልዕሊኡን ዝኮንኩ ተጫረቲ ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ የካቲት 6, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 1, 2017 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:150000
- ቦታ:ዓድዋ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:2000
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 1, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ምግጣምን ፅገናን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/

1 ናይ 2017 ዝተሐደሰ ንግዲ ምዝጋበ ምስክር ወረቀትን ፍቃድ ንግዲ ስራሕን ናይ ኤሌከትሮ ካኒካል ምዝገባ ደረጃ ዝገልፅ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት ናይ ግበሪ ከፋላይ ምስክር ወረቀት ቁፅሪ ተወሳኪ እሴት ታክስን ምስክር ወረቀትን ናይ ወርሒ ለከታቲት ተወሳኪ እሴት ታክስ ከማልእ አለዎ

2 ተጫረቲ ደረጃ ሓሙሽተን ልዕሊኡን ብኤሌከትሮ መካኒካል ዝምልከት ኮይኑ እቲ ቅድም ኢሉ ዝተገለፀ ፕሮጀከት ክጫረቱ ይክእሉ እዩም

3 ናይ ጨረታ መከበሪ ስፒኦ ወይድማ ገደበ ዘይብሉ ናይ ባንኪ ዉሕስና 150000 / ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ቅርሺ / ከቅርቡ አለዎም

4 ተጫረቲ ዝተጫረትሉ ስራሕ ኣብ ዉሽጢ 90 ተከታታሊ መዓልቲ ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሙ ከረክብ አለዎ

5 ጨረታ ሰነድ ካብ ለካቲት 5 ጀሚሩ ኣብ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓድዋ ከይዲ ስራሕ ዝተወደደ መሰረት ልምዓት ቢሮ ቁፅሪ 3 ኣደላይ መረዳአታን ዘይምለስ 2000 ቅርሺ ብምክፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይክእሉ እዩም

6 ተጫረቲ ናይቲ ዝተጫረተሉ ፕሮጀከት መረዳእታ ሓደ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ናይ መወዳደሪ ዋጋን ሓደ ዋናን ሓደ ቀዳሕን ቴክኒካልን በበይኖም ተዓሺጉም መሊሶም ኣብ ሓደ ዓብይ መዓሸጊ ተዓሺጎም ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓድዋ አደራሽ 1/7/2017 ዓም ክሳብ ሰዓተ 3:00 ሰዓት ንጉሆ ብኣካል ብምቅራብ ከእትዉ አለዎም

7 ተጫረቲ ኣብቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ቅጥዒታት ብትክክል መሊኦም ኣብ ሕድሕድ ገፅ እቲ መረዳእታ ፈሪሞምን ሓቲሞምን ቅደም ሰዓብ እቲ መረዳእታ እንተይኣዛብዑ እቲ መረዳእታ ከምቲ ክሸየጥ ዘሎ ዝነበረ ኮይኑ ክቀርብ አለዎ

8 ኩሎም ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣበ ዝተረክበሉ 1/7/2017 ዓም ልክዕ ሰዓት 3:30 ናይ ንጉሆ ኣብ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓድዋ ኣዳራሽ ይክፈት

9 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እነተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስረዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle